ማእክል ቤት ህንፀት ዓብይ ዓዲ ኣብ 2018 ዓም በጀት ዓመት ኣብ ዉሽጢ ዝርከቡ ናይ ሕጊ ተሃነፅቲ ቆፀሮ እሱራትን ሕጋዊያን ነጋዶ ብጨረታ አወዳዲሩ ክምግብ ይደሊ

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ዓርቢ ነሓሰ 30, 2017 ( ቅድሚ 9 ወርሒ)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: መስከረም 1, 2018 3:30 ቅ/ሰዓት (ሓሊፉ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:30000
- ቦታ:ዓ/ዓዲ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:100
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: መስከረም 1, 2018 4:00 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ካፌን ሬስትራንትን/

1 በቲ ዘፈር ሕጋዊ ፍቃድ ንግድን ዘለዎን ኣብ ናይ መቅረብቲ ዝርዝር ዝተመዝገበን

2 ተጫረቲ ተወሳኪ እሴት ታክስ ማለት እዉን ቫት ዝተመዝገቡ ምካኖም መረዳእታ ከቅረቡ ዝክእሉ

3 ናይ ከፋላ ግብሪ መለለይ ቁፅሪ ከቅርቡ ዝክእሉ

4 ተጫረቲ ግብሪ 2017 ዓም ዝከፈሉን ፍቃድ ንግዲ 2017 ዓም ዝሐደሱን ናይ ወርሒ ሓምለ 2017 ዓም ሒሳብ ዝከፈሉ ምካኖም መረዳእታ ከቅርቡ ዝክእሉ

5 ተጫረቲ ዝጫረትሉ መወዳደሪ ዋጋ መሊኡም ብንፁር ሽምን ኣድራሻን ፊርማን ማህተምን ገይሮም ብዝተዓሸገ ፖስታ ኣብ ማእከል ቤት ህንፀት ዓብ ዓዲ ኣብ ዝተዳለወ ሳንዱቅ ጨረታ ከእትዉ ዝክእሉ

6 ዝሰዓረ ተጫራታይ ጨረታ ካብ ዝሰዓረ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ዉሽጢ 5 ናይ ስራሕ መዓልቲ ሕጋዊ ዉዕሊ ኣሲሩ መከበሪ ዉዕሊ 10 ሚእታዊ ብጥረ ገነዘብ ከትሕዝ ዝክእልን ብተወሳኪ እዉን ብናይ ባዕሉ ንብረት መሳርሒ ክምግብ ዝክእል

7 ተጫረቲ ንሐደ ተሃናፃይ ምስ ቫቱ ንመዓልቲ ብሒሳብ 98.10 ብር ንወርሒ 2943 ብር ምካኑ ፈሊጦም ክወዳደሩ አለዎም

8 ተጫረቲ ናይ ጨረታ ሰነድ ዘይመለስ 100 ቅርሺ እናከፈሉ ካብ ደጋፊ ከይዲ ስራሕን ምምሕዳር ንብረትን ማእከል ቤት ህንፀት ዓብይ ዓዲ ምዉሳድ ይክእሉ

9 ካብ 30/12/2017 ዓም ክሳብ 1/1/2018 ዓም ኣብ አየር ዝፀንሕ ኮይኑ ረፋደ ሰዓት 330 ተዓፅዩ ኣብቲ ዕለት 400 ቅድሚ ሰዓት ይክፈት

10 ተጫረቲ መከበሪ ጨረታ ዘይምለስ 30000 ቅርሺ ብምክፋል ብጥረ ገንዘብ ወይ ብባንኪ ዝተረጋገፀ ብስፒኦ ከትሕዙ አለዎም

11 ተጫረቲ በዘይኣገባብ ጨረታ ንምዝባዕ ዝፈተኑ ስጉምቲ ንወስድ ምኮና ከምእዉን ዘትሓዝዎ መከበሪ ገንዘብ ጨረታ ዝዉረስ ምካኑ ክፈልጡ አለዎም

12 ተጫረቲ ኣብቶ ዝወዳደሩ ዝርዝር ቀረባት እቲ ናይ መንግስቲ ዘቀመጦ መዓቀኒ ከም ዘሎ ኮይኑ አብ ስጋ ዝምልከተ ኣብ ወርሒ ሐደ ግዜ ክልተ ሚኢቲ ግራም በዘይ ዓፅሚ ንሐደ ተሃናፃይ መዓቀኒ ዝሕረደሉ ግዜ መጠን ግራምን ክወዳደሩ ይክእሉ እዩም

© *መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ።* 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

13 ብተወሳኺ ኣብ ዓይነት ቀረብ 40 ሚእታዊ ሰርጊን ጣፍን 60 ሚእታዊ ከባቢያዊ እኽል ዝብል ስታንዳርድ ናይ ከባባያዊ እኽሊ ብምቅናስ ክሳብ ሚኢቲ ሚእታዊ ጣፍ ክወዳደሩ ይክእሉ

14 ብተወሳኺ ንቁርሲ ካብ ፊኖ ወይ ስርናይ ዝተጋገረ 200 ግራም ባኒ ዝብል ክሳብ ሚእቲ ሚእታዊ ፊኖ ክወዳደሩ ይክእሉ እዩም

15 ኣብ ሽኮር 20 ግራም ንሐደ ተሃናፃይ ኣብ ቁርሲ እዋን ዝብል ግራም ወሲኾም ክወዳዱ ይክእሉ

16 ካብቶም ኣብ ላዕሊ ዝተጠቀሱ ቀረባት ወፃኢ ዘሎ ግና እቲ መንግስቲ ዘቀመጦ መዓቀኒ እኩል ስለዝኾነ ኣበዚ ዝግበር ወሰኽ ከምወዳደሪ ዘይንጥቀመሉ ምኮና ክትፈልጡ ይግባእ

17 ተጫረቲ ግልፂ ኣብ ዘይኮነሎም ብኣካል መፂኦም ወይ እዉን ብቁፅሪ ስልኪ 0942253841 0914799102 ደዊሎም ሐበረታ ምሕታት ይክእሉ

18 ኣብ እዋን ጨረታ ምርኣይ ተጫረቲ ወይ ሕጋዊ ወከልቶም ክርከቡ ኣለዎም

19 ተጫረቲ ወይ ሕጋዊ ወኪላቶም በዘይምርካቦም ጨረታ ምክፋት ኣይተኣጎጎልን

20 ትካልና ዝሐሸ መማረፂ እንተረኺቡ ነቲ ጨረታ ሙለእ ብሙሉእ ወይ ብክፋል ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሐለወ እዩ

© *መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ።* 2013 - 2026 Made with love in Mekelle